ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ    الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

## ደምዳሚ መግለጺ 1ይ- ስሩዕ ኣኼባ፥
## ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት
## ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)

25 ሚያዝያ 2010.

ኣብ ጽባሕ ዕዉትን ታሪኻውን 5ይ ውድባዊ ጉባኤናን ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ውድብናን፡ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ምሸት 24 ሚያዝያ 2010 ተጀሚሩ 25 ሚያዝያ 2010 ብዓወት ተዛዚሙ።

ፖሎቲካዊ ቤት ጽሕፈት ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኣብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝተመሓላለፉ ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ማ/ሽማግለ ኣብ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ዝሓንጸጾም ናይ ሸውዓተ ወርሓት ሓፈሻዊ መደባትን ብዝርዝር ተመልከተ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሓት ክዓሞም ዘለዎ ኩሉ መዳያዊ ዝርዝር መደባት፣ ናይ ኣፈጻጽማ መምርሒታትን መቐላ ዕዮኡን ኣነጸረ። ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምዕዋት ክነጣጠፍ ብማ/ሽማግለ ዝተወሃቦ ሓላፍነት፡ ብብቕዓት ንምዕዋት ዘኽእሉዎ ኣንፈታት ኣነጸረ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡- ኣሰናዳዊት ሽማግለ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ካብ ኤዲኪ ወጻኢ ዘለዉ ውድባት፣ ምንቅስቓሳትን ኣገደስቲ ሃገራውያንን ኣብ ምስልሳል ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘለዎም ተራ ከበርክቱ ምእንቲ፡ መድረኽ ከፊቱ ብቐጻሊ ከስዕቦምን ሓሳባቶም ክቕበልን ጸውዐ። ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ኣብ መስርሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን(ኤዲኪ) ዝረኣዩ ፍልልያት፡ ብመንፈስ ዘተን ምክብባርን ክእለዩን ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዘተኣማምን ክዕወት፡ ብዘይተጉላባነት ክዓዪ ዘለዎ ድሉውነት ኣረጋገጸ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ ምስ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ተቓውሞ ክምስርቶ ወሲኑ ዘሎ ዝለዓለ ናይ ቃልሲ ዝምድና ንምስልሳል፡ ካብ ውሽጡ ሽማግለ መዚዙ ምህላዉ እናሓበረ ናይ መሓዙት ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ተመሳሳሊ ቅሩብነት ክስነዮ ተስፍኡ ገለጸ። ኣብ ውሽጢ ኤዲኪ ዘለዉ ይኹን ካብ ኤዲኪ ወጻኢ ምስ ዘለዉ ፖሎቲካዊ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ከምኡ'ውን ሲቪክ ማሕበራት፡ ኣብ ዘራኽቡና ሓባራዊ እምነታት፡ ጥዑይ ናይ ቃልሲ ዝምድና ክህልዎ ሒዙዎ ዝጸንሐ ኣንፈት ኣጠናኺሩ ከምዝቕጽለሉ ኣረጋገጸ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሓት ክዓሞም ሒዙዎም ዘሎ ዓበይቲ መደባት ኣብ ምዕዋት፡ ኣባላት ውድብና ከም'ቲ ልሙድ ተወፋይነቶም ከዕዝዙ ጸውዐ። መሓዙት ሓይልታትን ፈተውትና ተቓለስቲ ኤርትራውያንን ምትሕብባሮም ክቕጽሉ ጻውዒቱ ኣቕረበ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ኣብ ውሽጡ ኣብ ቤት-ጽሕፈታት ብምምድዳብን፡ ዝተፈላለያ ሽማግለታት ብምቛምን ኣኼብኡ ብዓወት ኣጠቓለለ።

ፖሎቲካዊ ውሳኔታት 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ንምዕዋት ንቃለስ!!

ምጥርናፍ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዓቕምታትና፡
ኣማራጺ ዘይብሉ መንገዲ ዓወትና እዩ!!

ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና፡ ክንዕወት ኢና!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)